
# ዕድል የለን ንኮሮና

**ህጻናት ነዚ ቫይረስ ንክቀልዑዎ ብከመይ ክንሕግዞም ኣለና።**






ብሩህ ጸሓይ ዝበዝሐ መዓልቲ። ጎደናታት ጥራዩ ተሪፉ ኣብ ኩሉ ጽምዋ ነጊሱ።










ዱካናትን ሱፐርማርኬትን ኩሉ ተኸፊቱ እስካፋሌታት ግን ባዶ። ኣፍደ ቤት ትምህርታት ተዓጽየን፡ ኣብ ጎደናታት ጠንቀስ ዝብል ዝረኤ ውልቀ ሰብ የለን።






ቤት ትምህርታት ተዓጽየን። ኣሚና፡ ኦሊቨር፡ ታራ ፡ኣካቿን ኩላቶም ኣብ ገዛውቶም ተኸቲቶም። ምውጻእ ከም ተኾነኑ ድማ ኣብ ገዛውቶም ተዓጸዉ።





ኣካቿ ተስፋ ብምቁራጽ መልሲ ከናዲ ወሰነ።ናብ ኣኩኡ ደወለ።ኣኩኡ ኣብታ ከተማ ዝሰረሕ ኣዝዩ ውሩይ ዶክተር ዩ።




ኣብ ቅድሚ መስኮት ናይ ኦሊቨር ዝወደቀት ኩዑሶ ነበረት

እናኣእወየ ጎየየ




ኩሎም የዕሩኽቱ ናብ ኮሮዶዮ ገጾም ኀየዩ ድምጺ ኦሊቨር እናሰምዑ።







ጽባሕ ናይ ንእሽተይ ሓፍተይ ዕለተ-ልደታ ኢዩ።ግብጃ ክንገብረላ ወሲንና ግን ስድራና ሰሪዞሞ። ሕጂ ንሳ ትበኪ ኣላ። ኣነ ድማ ስሌኣ ሕማቅ ተሰሚዑኒ።
ኣነኳ ክሳብ ክነድዚ ዘፍርህ ዘለዎ ኣይመስለንን ንእሽቶ ቆልዓ ከተብዕል፡ ኣብ ከባቢና በዚቫይረስ ዝተለኽፈ ስለዘይብልና።ስለዚ ድማ ዉሑሳት አለና ንብል።
ብጾት እዚ ቀንዲ መፍትሒ መጠንቀቅታ ኢዩ።
ኮሮና ዶብ ኣይፈሊን እዩ፡ኣብዝኾነ ቦታ ክርኤ ይኽእል። ኣብ ኣፍሪቃ፣ ኤውሮጳ፣ኣሜሪካ፣ኣስያ ....ኣብ ዓበይቲን ናኣሽቱን ከተማታትን ከምውን ዓድታት ክረኤ ይኽእል።
ኣበይ በዘይየገድስ ኣብ እንነብረሉ ከተማ ይኹን ዓዲ እዚቫይረስ ክበጽሖ ይኽእል ኢዩ።ከተማታት ጻዕቂ ነበርቲ ስለ ዘለወን ብዝያዳ ክጥቃዓ ይኽእላ።
ዝኾነ ኮሮና ዘለዎ ሰብ ኣንጥሽ ምስዝብል ወይ ዝስዕል ብኢዱ ሰላም ምስ ዝብል ንካልኦት ከመሓላልፍ ይኽእል።ኮሮና ካብ ዝተለኽፈ ሰብ ብምንጣር ናብ ጥዑያት ሰባት ብዓይኖም ብኣፎም ብኣፍንጬኦም ጌሩ ናብ ኣካላቶም ይኣቱ።
ከመይ ጌርና ነረጋግጽ ብኮሮና ምልካፍና፧ ኣደይ ተማሊ ምሼት ሓንቲ ግዜ ኣንጥሽኢላ ነይራ፡ብኮሮና ቫይረስ ተለኺፋ ማለት ድዩ፧ ኣደይ ክትመውት ኢያ ማለት ድዩ፧
ሓደ ግዜ ኣንጥሸ ምባል ጸገም የብሉን።ግን ኮቪድ19 ክህልወካ ይኽእል።ዝኾነ ምልክታት ከየርኣኻን ከይተሰማዓካን ንካልኦት ከተመሓላልፍ ትኽእል። ስለዚ ኢዩ ኮሮና ካብ ካልእ ብቁልጡፍ ዝላባዕ።
ኮሮና ናብ ኣካላትና እንተ ኣትዩ ብቁልጡፍ ይራባሕ።።ናይ ኣካላትና ተኸላኸልቲ ብቀጥታ ኩናት ምስቲ ቫይረስ፡ ስለ ዘካይዱ ስለዚ ድማዩ ብረቱዕ ረስኒን ሰዓልን ነርኢ።ኣቀዲሙ ናይ ጥዕና ጸገም ዝጸንሖም ሰባት፡ከምኡውን ካብ ደቂ 50-60ዝዕድሚኦም ኣቦሓጎታትናን ዓባይናን ክጥቅዑ ይኽእሉ። ሓደሐደ ግዜ ሂወቶም ንምድሓን ኣብ ሆስፒታል  ክዕቀቡ የድሊ።



ግን ሕማቅ እናተሰማዓኒ ኢዩ ብዛዕባ ሓፍታ ንኣሚና።ዕለተ ልደታ ከተብዕል ኔሩዋ።



ስድራቤት ኣሚና ቅኑዕ ስጉምቲ እዮም ወሲዶም። ንምክልኻል ለበዳ።ንሓፍታ ጥራይ ዘይኮነስ ነዅሉ ኣብቲ ውራይ ዝሳተፍ ዕዱም እውን።



ኣብ ቤትካ ጽናሕ ምስ ቀረባ ስድራቤትካ ጥራይ ድማ ተዋሳእ።



ካብ ኣባሓጎኻን ዓባይካን ርሒቅካ ተዋሳእ።ምሳኻ ዝነብሩ እንተዀይኖም።




ንኣገዳሲ ጉዳይ እንተዘይኮይኑ ማለት ከም መግቢ ንምግዛእ ወዘተ።ንደገ እንተዘይወጻእና ይሓይሽ።

## ርሕቀትካ ምሕላው



ሕራይ ኣሚና ንስኺውን ክትሕጎሲ ኣለኪ፡ስድራቤትኪ ንድሕነት ኩሉ ስለ ዝጽዕሩ ዘለዉ።



መሰረታዊ ርሕቀት ምሕላዉ፡ማለት እቲ ቫይረስ ብቀሊሉ ከርክበና ኣብዘይክእል።ኣብሰብነትና ካዓልብ ዘይክኣለሉ።ስለዚ ድማ ኢዩ ቤት ትምህርታት ዝተዓጽዋ፡ከምኡውን ምስ ኣዕሩኽትኻ ንዝተወሰ እዋን ክትራኸብ ዘይካኣልካን።




ስድራቤተይ ከምዝበሉዎ ምርሕሓቅ።ዘይምቅርራብ። ሰባት ብብዝሒ ዘይምእካብ።፡



ሲነማ የለን



ኣብ ቤት መግቢ ዘይምምጋብ



ኣብ ከባቢኻ ሰለል ዘይምጽዋት



ዓበይቲ እስፖርታዊ ንጥፈታት ዘይምክያድ




ኣኼባታት ናይ ዓዲ ዘይምክያድ




ምብዓል ዕለተልደት የለን



ብዝግባእ ንጠንቀቅ ኮሮና ቫይረስ ናብ ሰብነትና ንኸይ ይኣቱ።
ግን ኩሉግዜ ኣብውሽጢ ተዓጺና ክንጸንሕ ኣይንኽእልን ኢና።መግቢ ንምግዛእ ይኹን ዶክተር ንምርካብ ክንወጽእ ንግደድ ኢና። ብድሕሪኡ ኸ፧
ሓቅኻ ኦሊቨር እንተኾነ ግዳ ኣሎ ቀለልቲ ነገራት ክንገብሮ ዝግባእ፡ምውጻእና ግድን እንተኸኮይኑ ካብ ለበዳ ንምድሓን፡ዘይምትሑቋቃፍ፡
ብኢድ ሰላም ዘይምባል፡ ዘይምስዓም ዘይምትሕቁቃፍ ንዝኾነ ሰብ
ፍሽኽ ወይ ሃይ ምባል ብማዕዶ
ርሕቀትካ ሓሉ 1.5 ሜትር ካብ ካልኦት ሰባት
ኣብ ኩርናዕ ቅልጽምና ንስዕል ወይ ኣንጥሸ ንብል።
ገዛና ድሕሪምምላስና ኣእዳውና ብማይን ሳምናን ምሕጻብ።
እወ የእዳዉና ብማይን ሳምናን ን20ካልኢት ዝኸውን ኣጽሪና ክንሓጽቦ ይግባኣና።ብኸምዚ ዝስዕብ
SOAP




1. ከብዲ ኢድ



2. ሕቖ ኢድ




3. ኣብ መንጎ ኣጻብዕቲ




4. ሕቖ ኣጻብዕቲ



5. ዓባይዓባይቶ



6. ጫፍ ኣጻብዕቲ



7. ጉምቦ ኢድ

ብከምዚ ድማ ኮሮና ኣብ ኢድና ክጸንሕ ኣይክእልን።







ንኩሎም ዝፈልጦም ዘበልኩ ክጽሕፈሎም ኢየ።
ንስድራ ነዚ ሓበሬታ ናብ ኩሎም ኣዕሩኽቶም ኣብ ተሌፎኖም ዝተመዝገቡ ክልእኩሎም ክሕብሮም እየ።
ካብዚ ከይወጻእና እዚ ኣገዳሲ መልእኽቲ ንጎራባብትና ክንልእከሎም ኢና።
ኣብ
ኣብ ገዛ ኮፍበል
ኣብ ከተማ ይኹን ኣብ እንነብረሉ ዓዲ በዘየገድስ፣ንነብስና ንስድራቤትና ንኣብከባቢና ዝነብሩ ብሓፈሻ ካብ ለበዳ ቫይረስ ንከላኸል።
ግድን ወይ ኣገዳሲ እንተኮይኑክትወጽእ፤
ምስ ናይቀረባ ስድራቤትካ ኣብ ቤትካ ተንቀ ሳቀስ።
ንገዛና ድሕሪ ምምላስና የእዳውና ብማይን ሳምናን ኣጽሪና ክንሓጽብ ይግባኣና።
ካብ ገዛኻ ክትወጽእ እንተ ኬንካ፡ ብውሑዱ ካብ 1.5 ሜ.ክሳብ 2 ሜ.ክንርሕቕ ይግባእ ካብ ዝኾነ ሰብ።
ቀጻሊ መዓልቲ
happy birthday!!!
ዘክር ነብሰኻን ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡን ንምክልኻል።

This comic was jointly developed by Deutsche Welthungerhilfe and WASH United.

It can be used, reproduced and disseminated for non-commercial purposes without limitation. Any commercial use is strictly prohibited.

We thank Dr. Rasmus Leistner, MD, PhD (Institute for Hygiene and Environmental Medicine, Charité Universitätsmedizin Berlin) for technical advice in creating the comic.

Creative agency partner: Kaboom Social Impact.
Illustrations: Pooja Dhingra and Ankur Ahuja.

Contact:

www.welthungerhilfe.org



info@welthungerhilfe.de

welt hunger hilfe

a member of

Alliance 2015
towards the eradication of poverty

WASH United